Smittskydds-
läkarföreningen

SMITTSKYDDSBLAD –PATIENTINFORMATION

TIGRINJA – MRSA

# ብዛዕባ “MRSA” - ሓበሬታ ንተሓከምቲ

## ስለምንታይ እዩ እዚ ሓበሬታ ተዋሂቡኒ ዘሎ?

መርመራታት ከም ዘመልከትዎ፡ ጸረ-ነፍሳት(ኣንቲባዮቲክ) ዝጻወር ”MRSA” ዝበሃል ባክተርያ ከም ዘለካ እዩ። ኣብ’ዚ ናይ ሓበሬታ ጽሑፍ፡ እዚ ነገር እንታይ ምዃኑን - ንኻልኦት ሰባት ንኸይተልግበሎም ድማ እንታይ ክትሓስበሉ ከም ዘሎካን ብዝበለጸ ክተንብብ ትኽእል ኢኻ።

## “MRSA” እንታይ እዩ?

“MRSA”፡ ንሜቲሲሊን ዝጻወር ስታፊሎኮከስ ኦሬየስ ዝገልጽ ሓደ ዓይነት ናይ ስታፊሎኮከስ ባክተርያ ኮይኑ፡ ንጸረ-ነፍሳት ክጻወር ዓቕሚ ዘማዕበለ ባክተርያ እዩ።

MRSA ወላ ሓደ ሰብ ከይሓመመ ከሎ’ውን ኣብ ቆርበት ወይ ልፋጫዊ ሽፋን ክህሉ ይኽእል እዩ። በዚ ምኽንያት “ተሰካሚ” ናይ’ዞም ባክተርያ ተባሂሉ’ውን ይጽዋዕ እዩ። ልክዕ ከም ኩሎም ንቡራት ባክተርያ፥ እዞም “MRSA” ባክተርያታት፡ ኣብ ገለ እዋናት ረኽሲ ከስዕቡልካ ይኽእሉ’ዮም - ንኣብነት ናይ ቁስሊ ረኽሲ።

እዞም “MRSA” ባክተርያ፡ ካብቶም ተራ ስታፊሎኮከስ ባክተርያ ዝበዝሐ ወይ ዝኸበደ ረኽሲ ኣየስዕቡን እዮም። ከምኡ ይኹን ደኣ’ምበር ነቲ ንሳቶም ዘስዕብዎ ረኽሲ ንምሕዋይ፥ ፍሉያት ዝዓይነቶም ጸረ-ነፍሳት (antibiotika) ምጥቃም የድሊ።

## እዚ MRSA ብኸመይ ይመሓላለፍ?

MRSA ኣብ መንጎ ሰባት፡ ብቐንዱ ብመገዲ ምትንኻፍ ቆርበት፡ ንኣብነት ብኢድ ክመሓላለፍ ይኽእል። እቲ ባክተርያ፡ ኣብ ከባቢና ኣብ ዘለዉ ነገራት፡ ንኣብነት ኣብ መሳርሒታት ምንቅስቓስ ኣካላት እውን ክመሓላለፍ ይኽእል። በዚ እቲ ለበዳ  ክዝርጋሕ ይኽእል።

“ተሰካሚ” MRSA ጥራሕ ዝኾነ ሰብ ሳሕቲ እዩ ሰባት ክልብድ ዝኽእል። ኣብ ገለ ኩነታት፡ መጠን ናይቶም ባክተርያ ስለ ዚውስኽ፡ እቲ ለብዒ ንኽዝርጋሕ ዘለዎ ተኽእሎ ድማ ምስኡ ይዓቢ። እዚ ድማ ”ጠንቅታት ተኽእሎ ለብዒ” ተባሂሉ ይጽዋዕ።

እዞም ዚስዕቡ ጠንቅታት ተኽእሎ ለብዒ ኪኾኑ ይኽእሉ እዮም፤

- ረኽሲ ናይ ቆርበት ከም ዝተለኸፈ ቁስሊ፡ ምጕሊ-ኣንጭዋ ወይ ኢምፔቲጎ (ፍንጣጣ ሓሰማ)
- ክፉት ቁስሊ
- ዝነደረ ወይ ደም ዝነዝዕ -ኤክሴም/ ኣብ ሻምብቆ እዝኒ ዚወጽእ ኤክሴም
- ሕዱር ናይ ቆርበት ሕማማት
- ካቴተር ወይ ስቶማታት እዮም።

## ካብ MRSA ክትገላገል ይከኣል’ዶ?

MRSA ዳርጋ ብዙሕ ጊዜ ባዕሉ ዚጠፍእ እዩ። ዝተፈላለየ ጊዜ፡ ካብ ኣዋርሕ ናብ ዓመት ክፈላለ ይኽእል’ዩ። እቲ ባክተርያ ከም ዝጠፍአ ንምርግጋጽ፡ ተደጋጋሚ መርመራ ምውሳድ የድሊ። እቶም መርመራታትን ናይ ጥንቃቐ መምርሒታትን መዓስ ከብቅዑ ከም ዘለዎም ዝውስን እቲ ናይ MRSA ሓላፊ ዶክቶር’ዩ። ብውሕዱ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ኣዋርሕ፡ ኣብ ክልተ ተኸታተልቲ ምርመራታት እቲ MRSA እንተ ዘይተረኺቡ፡ መብዛሕቱ ግዜ እቲ ዝግበር ምክትታት ከብቅዕ ይኽእል እዩ።

## ንኻልኦት ሰባት ንኸይለክፍ ክሓስበሎም ዘለኒ ነገራት ኣለዉ’ዶ?

ቀንዲ ክትገብሮ ትኽእል ነገር እንተሎ ምሉእ ጽሬት ኢድ ምሕላዉ እዩ። ንዝርግሐ ረኽሲ ሓደጋ ረቛሒታት እንተዘይብልካ፡ እቲ ንሰብ ክተልግበሎም ዘሎ ናይ ምልካፍ ሓደጋ ውሑድ ስለዝኾነ፥ ከምቲ ልሙድ ምስ ካልኦት ሰባት ግዜ ከተሕልፍ ትኽእል ኢኻ።

መዋእለ-ሕጻናትን ቤት ትምህርትን ዝኸዱ ቈልዑ ኣብ ኩሉ ንጥፈታት ክሳተፉ ይኽእሉ እዮም። እቲ ቈልዓ ተሰካሚ “MRSA” ምዃኑ ንመዋእለ-ሕጻናትን ቤት ትምህርትን ምሕባር ኣየድልዮምን እዩ። ሓደ ሓደ ግዜ መዋእለ-ሕጻናት ዝኸዱ ቈልዑ ኣብ ገዛ ክኾኑ ዘድልየሉ እዋን ክህሉ ይኽእል እዩ። ናይ ምክትታት ደንብታት ኣብ ታሕቲ ተመልከት።

ምስ እንስሳታት ዝተኣሳሰር ሞያ ምስ ዝህልወካ፡ ፍሉይ ምኽሪ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። እቲ ናትካ ሓኪም፡ ምስ’ቲ ናይ ምክልኻል ለብዒ ሓኪም ክላዘብ ይኽእል እዩ።

### ክሰዓቡ ዘለዎም ደንብታት
MRSA ብመሰረት ሕጊ ምቁጽጻር ረኽሲ ከም ሓደገኛ ሕማም ይውሰድ። ስለ'ዚ እቶም "ክሰዓቡ ዘለዎም ደንብታት" ዝበሃሉ ሓኪምካ ዝህበካ ውሱናት ደንብታት ክትከታተሎም ኣለካ፤

- ጠንቅታት ተኽእሎ ለብዒ ምስ ዝህልወካ፡ ነዞም ኣብ ታሕቲ ተገሊጾም ዘሎዉ ናይ ጽሬት ሕግታት ክትክተል ይግብኣካ።
- ቀጻሊ ናይ ቆርበት ረኽሲ፡ ክፉት ዝኾነ ቁስሊ ወይ ዝነዝዕ ኤክሴም ምስ ዚህልወካ፡ ኣብ ብብዝሒ ምትንኻፍ ዘሎዎ ናይ ስፖርት ንጥፈታት ክትሳተፍ ኣይግብኣካን ወይ'ውን ብሓባር ስፖርት ኣብ ዝካየደሉ ክፍሊ ወይ ናይ ጂም ኣዳራሽ ክትጥቀም የብልካን።
- መዋእለ-ሕጻናት ዝኸዱ ቈልዑ ረኽሲ ዘሎዎ ቁስሊ ወይ ፍንጣታ-ሓሰማ (ኢምፔቲጎ) ምስ ዚህልዎም ወይ'ውን ዝነደረ ወይ ዝነዝዕ ኤክሴም ምስ ዚህልዎም፡ ኣብ ገዝኦም ኪጸንሑ ይግባእ።
- ቀጻሊ ናይ ቆርበት ረኽሲ፡ ክፉት ዝኾነ ቁስሊ ወይ ዝነዝዕ ኤክሴም ምስ ዚህልወካ፡ ኣብ እዋን መስቆርቲ፡ ውቃጦ፡ ዘይሕክምናዊ ክንክን እግርን ተመሳሳሊ ሕክምና ቆርበት ወይ ሽፉን ልፉጫዊ ፍወሳን - ተሰካሚ MRSA ምዃንካ ክትነግር ኣሎካ።
- ሕክምናዊ ክንክን፡ ክንክን-ስኒን ሕክምናዊ ክንክን-እግርን ክትገብር ከሎኻ፡ ተሰካሚ MRSA ምዃንካ ከተፍልጥ ኣሎካ። ኣብ መንበሪ ኣረጋውያን ኬንካ ወይ ኣብ ገዛኻ ክንክን ሕማም ዚግበረልካ ምስ ዚኸውን እውን ከተፍልጥ ይግብኣካ እዩ። እቲ ዚግበረልካ ሓገዝ ምግባር ኣስቤዛ፡ ሓለዋ ጽሬት ገዛ፡ ምጠዋ መድሃኒት ወይ ኣገልግሎት መሰነይታ ምስ ዝኸውን ተሰካሚ MRSA ምዃንካ ምሕባር ኣየድልየካን እዩ።
- ኣብ ክንክን ጥዕና ትሰርሕ ወይ ትመሃር ምስ ትኸውንን እቲ ሓኪምካ ነቲ ረኽሲ ንኸተሰጋግሮ ተኽሎ ኣለካ እዩ ዝብል ገምጋም ምስ ዝህልዎ፡ ኣብ ከም'ዚ ዓይነት ንጥፈት ክትሳተፍ የብልካን።
- ምስ ሓኪምካ ዘሎካ ርክብ ክትቕጽሎን ነቶም ኣድለይቲ ዝበሃሉ ምርመራታት ክትወስዶምን ግድን እዩ።

ክሰዓቡ ዘለዎም ደንብታት ምስ ዝወሃቡኻን ጌጋ እዮም ዝብል ርኢቶ ምስ ዝህልወካ፡ ነቲ ኣብ ዞባኻ ዘሎ ሓኪም ምክልኻል ለብዒ ተወከሶ።

#### ጠንቅታት ተኽእሎ ለብዒ ንዘለካ ዝምልከቱ ፍሉያት ኣገባብ ሓለዋ-ጽሬት
ጠንቅታት ተኽእሎ ለብዒ ምስ ዝህልወካ፡ ለብዒ ክዝርጋሕ ዘለዎ ዓቕሚ ድማ ምስኡ ክብ ይብል። ስለዚ ነዞም ዚስዕቡ ክትሓስበሎም ኣሎካ፤

- ኣእዳውካ ብደንቢ ተሓጸብ። ናይ ርእስኻ መሓበሻን ናይ ሽቓቕ ነገራትን ድማ ተጠቐም።
- ምስ ካልኦት ሰባት ኣብ እንዳ-ሓምባሳይ ሓቢርካ ኣይትሓምብስ።
- ቁስሊታትካ ብፋሻ ከም ዚሸፈኑ ግበር፥ እቲ ፋሻ ጠልቅዩ ወይ እንተ ነዚዑ ድማ ፋሻ ቐይር።
- ካቴተር ትጥቀም እንተ ኼንካ፥ ኣብ ትሕቲ ክዳንካ ክትገብሮ ይግባእ።
- ንቑስልኻ፡ ንፋሻ መሸፈኒኻ ወይ ንካቴተርካ ምስ ትትንክፍ፥ ብኡንብኡ ኣእዳውካ ተሓጸብ።

## ምክትታል ኣሰር ለበዒ
ብመሰረት ሕጊ ምክልኻል ለብዒ፡ ኣብ'ቲ ዝግበር ምክትታል ኣሰር ለብዒ ክትተሓባበር ኣሎካ። እዚ ማለት ድማ፡ ንሰብ ሞያ ክንክን ጥዕና መዓስ፡ ኣበይን ብኸመይን ተለኺፍካ ክትከውን ከም እትኽእልን ንኻልኦት ሰባት ለቢድካ ክትከውን ከም እትኽእልን ንኽፈልጡ፥ ሓበሬታ ምሃብ ማለት እዩ።

እቲ ትሕብሮ ምስጢር (ብምስጢር ዝተሓዝ) ስለዝኾነ፡ እቶም እትነግሮም ሰባት መን ምዃንካ ኣይፈልጡኻን እዮም።

## ብዛዕባ እዚ ጽሑፍ ምክልኻል ለብዒ
እዚ ጽሑፍ ምክልኻል ለብዒ፡ ብማሕበር ዶክቶራት ምክልኻል ለብዒ ዝተዳለዎን ብሃገር ደረጃ ዘገልግልን ጽሑፍ'ዩ።